19.05.2022

# ምዉቕ ዮሃና፡ ዘሐብን ድሙቕ ዓወት ቢንያም ግርማይ!

ኮኾብ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ 10ይ መድረኽ (Stage 10) ናይቲ ዓቢ ዑደት (Grand Tour) ጂሮ ዲ ኢጣልያ (Giro d'Italia) ቀዳማይ ብምውጻእ ታሪኽ ሰሪሑ። ኮኾብ ስፖርታዊ ቢንያም ግርማይ እቲ ነዚ ዓወት'ዚ ዝተጐናጸፈ ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኢዩ። በዚ ድሙቕ ታሪኻዊ ዓወት'ዚ ድማ ንሃገሩን ህዝቡን መላእ ፈታው ስፖርት ህዝቢ ኣፍሪቃን ኣሐቢኑ። ምዉቕ ዳግማይ ዮሃናን ሰናይ ትምኒት ንዝዓበዩ መጻኢ ዓወታትን ንኤርትራውን ኣፍሪቃውን ኮኾብ ቢንያም ግርማይ።

